# ዓውደ መጽናዕቲ 1.0 - Hardware Elite 8100-8300

SLQ Wiki Fabrication Lab 2025/07/04 08:15

# ዓውደ መጽናዕቲ 1.0 - Hardware Elite 8100-8300

ሎሚ ኸምዚ ዝስዕብ ክንገብር ኢና፦

- ኮምፕዩተርካ ፍለጥ
- ተዋጽኦታቱ ፍለጥ
- ቀልጢፍካ ምፍትታሕ/ምግጥጣም

## ኮምፕዩተር

ኣብቲ ምልክት ዝርከብ መሰረታዊ ሓበሬታ ርአ፦

- **ኣፍራዩት ትካል** - ሂውለት ፓካርድ።
- **ሞዴል/ስርሒት፦** 8100 ኢሊት።
- **ፎርም ፋክተር** (ዓቐኑ): *ንእሽቶ ፎርም ፋክተር (ኤስኤፍኤፍ)* - ማለት ንእሽቶ ሰፈር/ሳንዱቕ እዩ (ሓድሽ ኣቕሓ ንምዕዳግ ኣገዳሲ እዩ)።
- **•ዓይነት ኮምፕዩተር፦** : ኮምፕዩተር - ብሕታዊ ኮምፕዩተር.

## ቀዳማይ ድሕንነት

ነቲ ሰፈር/ሳንዱቕ ቕድሚ ምኽፋትካ ነቲ ናይ ኤለክትሪክ ገመድ ንቐሎ/ኣውጽኦዮ።



- ነቲ ናይ ኤለክትሪክ ገመድ ዘይኰነስ ነቲ መራኸቢ ዝሓዘ ገመድ ኣራኽቦ/ኣውጻኣዮ።
- በሊሕ ካቻቪተ/በሊሕ ወሰን ዘለዎ ነገር ኣብ ክፋል እቲ ኮምፒዩተር ተጠንቀቕ።

ተስፋ እንተ ቈሪጽካ ዕረፍቲ ውሰድ። **ወትሩ ሓገዝ ክትረክብ ትኽእል ኢኻ።**

## ናውቲ

ትዕግስቲ፣ ኾፍ መበሊ ቦታ (ሰደቓ)ን ናውትን የድልየካ፡-




- ካቻቪተታት (ዘዋር መስኒታት)
- መወልወሊ
- ነፃጊን ወልዋሊን ዘለዎ መጽረዩ
- ናይ ወረቐት ሽጎማኖ (ፔፐር ታወል)
- ናይ ኮምፑዩተር ግራሶ (ቴርማል ፔስት)
- ጉንጉ መጽረዩ (ቫክዩም ክሊነር)/ እኩብ ኣየር (ኮምፕረስድ ኣየር)

## ደጋዊ ሰፈር/ሳንዱቕ




ወልውሎ እሞ ኣብ ወጻኢ እቲ ሰፈር/ሳንዱቕ እንታይ ከም ዘሎ ርአ።

## ኣፍደገ (ፖርት)/ሶኬት/መጠወቕ

ስሩዕ መራኸቢ ነጥብታት ((ኣፍደገ/ፖርትስ ወይ ሶኬታት) ይፈላለ ኢዩ ስለዚ ንነገራት ብግቡእ ነራኽቦም፦

**ሓይሊ**

ኣብቲ ክፍሊ ኤለክትሪክ (PSU) ዝርከብ ሰለስተ ጡብ ዘለዎ ናይ ኤለክትሪክ ሶኬት።



**ዩኤስቢ (USB)**

ዩኒቨርሳል ሲሪያል ባስ (USB) ኣፍደገ/ፖርትስ ምስ ናይ ዩኤስቢ (USB) መሳርሕ የራኽብ።



**ቪድዮ**

ነቲ መተሓሳለፊ ምስሊ (ሞኒተራት)/ቲቪ ምስ ናይ ቪዲዮ ግራፊክ ኣረይ (ቪጂኤ/ VGA) ኣፍደገ/ፖርት የራኽብ፡-



ወይ ናይ መራኣዪ ኣፍደገ/ፖርትስ፡-



**ኢተርኔት**

ናይ ኢተርነት ኣፍደገ/ፖርት መርበብ ሓበሬታ/ኢንተርነት ንምርካብ ናይ መርበብ ገመድ ይጥቀም።



**ድምፂ**

ናይ ድምፂ ሶኬታት ምስ ናይ ድምፂ መራኸቢ (ፕላግ/ጃክስ) ይራኸብ፦

- ሰማያዊ = ድምፂ ናብ ውሽጢ የእቱ (ማይክሮፎን፣ ወዘተ)
- ቀይሕ = ድምፂ ናብ ደገ የውጽእ (መስምዒ ድምፂ (ሄድፎን)፣ እስፒከር፣ ወዘተ)



**ተወሳኺ (ለጋሲ) ኣፍደገታት/ፖርትታት**

PS/2 ኣፍደገታት/ፖርትታት ምስ ናይ ቀደም ኪቦርድ/ማይስ የራኽባ፦



ሲርያል ኣፍደገታት/ፖርትታት ምስ ናይ ቀደም ኢንዱስትሪ መሳርሒታት የራኽባ፦



# ኣብ ውሽጢ እቲ ሰፈር/ሳንዱቕ

እቲ ኮምፕዩተር ገጹ ናባኻ ከም ዝጥምት ጌርካ ኣንብሮ። ነቲ ሰፈር/ሳንዱቕ በቲ ናይ ድሕሪት መላግቦታት ጌርካ ክፈቶ።

ነቲ መኽደኒ ኽም ሸሓነ ጌርካ እተወሰነ ኽፋላት ብሓደ ንምኽዛን ተጠቐመሉ።



## እኩብ ናይ ውሽጢ ሓይሊ ምርጋፍ (ዲስቻርጅ ስታቲክ)


ንሓደ ዓብዪ ብረት ዘለዎ ነገር ቅድሚ ምትንካፍካ ኣብ ሰብነትካ ዘሎ እኩብ ናይ ውሽጢ ሓይሊ ኣራግፍ፣ እዚ ናይ እኩብ ሓይሊ 'ስምባድ' ነቲ ናይ ኮምፕዩተር ክፍሊታት ክጐድእ ይኽእል ኢዩ።

## ጽሬት


ኣብ ዙርያ እቲ መተንፈሲ/መንበድበዲ ኣየር ዘሎ ደሮና ካብ ደገ በቲ ቫክዩም/ዝተኣከበ ኣየር ኣቢልካ አጽርዮ። ተጠንቀቕ - ነቲ ክፍሊታት ኮምፕዩተር ኣይትውቃዕ።




ድሕሪኡ ውሽጡ ኣጽርዮ፡-



ነቲ ውሽጣዊ ኽፋል እቲ ሰፈር/ሳንዱቕ ብጨርቂ ወልውሎ።



# ናይ ኮምፕዩተር ክፍሊታት

ውሽጣዊ ናይ ኮምፕዩተር ክፍሊታት እስከ ነለሊ፡-



## ኣሃዱ ምንጪ ሓይሊ ኤለክትሪክ

ኣሃዱ ምንጪ ሓይሊ ኤለክትሪክ (Power Supply Unit (ፒኤስዩ)):- ኤለክትሪክ ካብ ቀንዲ ቮልተጅ (240 ቮልት) ናብ ዝነኣሰ ቮልተጅ ንኮምፒዩተርካ ይቕይሮ።



ሓንሳእ እውን ምስጠፍእ እንተ ኾነ ሓደገኛ ቮልተጅ ክሕዝ ይኽእል እዩ።
ፈጺምካ ኣይትፈታትሕ!




## ማዘርቦርድ

ማዘርቦርድ፡- ናይ ኮምፒዩተር ክፍሊታት ብሓባር ንኽረዳድኡ የኽእሎም።



## ሃርድ ድራይቭ

ሃርድ ድራይቭ (ሃርድ ዲስክ)ንሓዋሩ መረዳእታ (ንኣብነት መዛግብካ (ፋይላትካ)) ይኽዝን።




## ዲቪዲ ድራይቭ

ዲቪዲ ድራይቭ፡- ዲጂታል ቨርሳቲል ዲስክስ (ዲቪዲ) የንብብ/ይጽሕፍ።



## ናይ ፒሲአይ ናይ ምስፍሕፋሕ ቦታታት

ተወሳኺ ኣሰራርሓ ንምውሳኽ ናይ ምስፍሕፋሕ ካርድታት ግጠም - ንኣብነት ናይ ቪድዮ ካርድታት



## ሃንደበታዊ ናይ ምዝካር ክእለት (ራም (RAM))

ራም (RAM):- መደባት ንምስራሕ ዜገልግል ሓበሬታ ይኽዝን። ኮምፕዩተርካ ምስ ጠፍኣት እቲ ኣብ ራም ዝርከብ መራዳእታ ይጠፍእ።



## ማእከላይ ክፍሊ መስርሕ (ሲፒዩ (CPU))/ሂትሲንክ

ሲፒዩ፡- 'ሓንጎል' ኮምፒዩተርካ። እቲ ሂትሲንክ ነቲ ናይ ኮምፒዩተር ሙቐት ይቈጻጸሮ።



## ናይ ሲፒዩ መናፈሲ/መንበድበዲ

ናይ ሲፒዩ መናፈሲ/መንበድበዲ፡- በቲ ልዕሊ ሲፒዩ/ሂትሲንክ ኣየር የመሓላልፍ።



## ባትሪ



## ኮረንቲ/ገመድ

ናይ ኤለክትሪክ ኮረንቲ፡- ካብ ፒኤስዩ ናብ እቶም ክፍሊታት ኮምፕዩተር ሓይሊ ይስከም።



ናይ ሳታ (SATA) መረዳእታ ኮረንቲ/ገመድ፡- ኣብ መንጎ ክፍሊታት እቲ ኮምፕዩተር ሓበሬታ ይሕዝ።



# ምፍትታሕ

ቅድሚ ምፍትታሕና፣ መዘኻኸሪ መእንታን ክኸውን ነቲ ናይ ኮምፕዩተር ክፍሊታት ስእሊ ስኣሎ።


ቀጠልያ መጠወቕ/መትሓዚ ንመብዛሕትኡ ክፍሊታት እቲ ኮምፑተር ብዘይ ገለ ናውቲ ንኽተልግሶ ይሕግዘካ።

## ዲቪዲ ድራይቭ


ቦታ ንምርካብ ነቲ ፒኤስዩ ግልብጥ ኣብሎ። እቲ ናይ ዲቪዲ ድራይቭ ብቐሊሉ መንታን ኽትረኽቦ ኣብ ዝንቀሳቐስ ክፋል እዩ ዝርከብ።




ነቲ ብየማናይ ሸነኽ ዘሎ ቀጠልያ መጠወቕ/መትሓዚ ስሓቦ - እቲ ክፋል ናብ ላዕሊ ክወጽእ እዩ።




ነቲ ኤለክትሪክ/ናይ መረዳእታ ገመድ ካብቲ ድራይቭ ንቐሎ።




ነቲ ናይ ኮረንቲ/ገመድ መምርሒ ኣልግሶ እሞ ነቲ ገመድ ናጻ ኣውጽኦዮ።





ነቲ ናይ ሳታ (SATA) ገመድ ካብ ማዘርቦርድ ንቐሎ።



ነቲ ናይ ዲቪዲ ድራይቭ ክፋል ንድሕሪት ድፍኣዮ፣ ድሕሪኡ ነቲ ብጸጋማይ ሸነኽ ዘሎ ቀጠልያ መጠወቕ/ባተን ሓዞ።




ነቲ ድረቭ ንቕድሚት ስሓቦ እሞ ካብቲ ክፋል ንምውጻእ ትኽ አቢልካ ንላዕሊ ሓፍ አብሎ።






እቲ ናይ ድራይቭ ምልክት ነቲ ድራይቭ ንምትካእ/ንምምሕያሽ ዝሕግዝ ሓበሬታ ሒዙ ኣሎ።



# ሃርድ ድራይቭ

ናይ ኤለክትሪክን ናይ ሳታ (SATA) ገመድን ካብ ሃርድ ድራይቭ ንቐሎ።




ነቲ በቲ ናይ ድራይቭ ክፋል ብየማናይ ሸነኽ ዘሎ ቀጠልያ መጠወቕ ድፍኣዮ። ነቲ ሃርድ ድራይቭ ንቕድሚት ስሓቦ።





ትኽ ኣቢልካ ናብ ላዕሊ ኣልዕሎ።



ካብቲ መምርሒ ገመድ ነቲ ኮረንቲታት ናጻ ግበሮ።



ነቲ ናይ ሳታ (SATA) ገመድ ካብ ማዘርቦርድ ንቐሎ።




እቲ ናይ ድራይቭ ምልክት ነቲ ድራይቭ ንምትካእ/ንምምሕያሽ ዝሕግዝ ሓበሬታ ሒዙ ኣሎ።

# ፒኤስዩ (PSU)


ነቲ ኣብ ማዘርቦርድ ዘሎ ናይ ኤለክትሪክ ገመድ ንቐሎ።

- እቲ መራኸቢታት ዝጽቀጥ/ዝጭፍለቕ መጠወቕ ኣለዎ - ነዚ ፅቕጥ ኣብሎ እሞ ንኽወጽእ ከኣ ቀስ ኣቢልካ ኣንቀሳቕስ።


እቲ ናይ ቅድሚት ገመድ ናብ ሲፒዩ ሓይሊ ኤለክትሪክ የቕርብ፦



ካልእ ኽዓ ናብ መብዛሕትኡ ክፍሊታት ኮምፕዩተር ሓይሊ ይህብ፦



እቲ ጸሊም መራኸቢታት ዘለዎ ነቲ ድራይቭታት ምስ ማዘርቦርድ የራኽቦ።



ነቲ ገመድ ኣጽርዮ፣ ድሕሪኡ ነቲ ፒኤስዩ ኣዝብል ኣቢልካ ናብ ላዕሊ ትኽ ኣቢልካ ኣውጽኦዮ።




እቲ ምልክት/ለበል ከምዚ ይብል፦

- ኣታዊ ቮልተጅ
- ወጻኢ ቮልተጅ
- ዝለዓለ ሓይሊ (ብዋትስ)


## ራም (RAM)

እዚ ራም በቲ ኣብ ማዘርቦርድ ዘሎ ሰኬታት ዝርከብ መጠወቕ (ወይ መቓቕር/ ክሊፕታት) እዩ ተተሓሒዙ።


ብኽልቲኡ ሸነኽ እቲ ቐዳማይ ናይ ራም ሰሌዳ ኣጥብቕ ኣቢልካ ጽቐጦ።




ኣውጽኣዮ።



ኣብቲ ራም ዘሎ ወርቂ ዝሕብሩ ክፋላት ኣይትተንክዮ፣ ዋህዮታት ቈርበት/ረሃጽ ምብስባስ ክምጸ ስለዝኽእል




ነቲ ናይ ምዝካር አቁሑ (ሚሞሪ ቺፕስ) ኣይትተንክዮ። ስታቲክ ናይ ኤለክትሪክ ፈሰስ (Static electrical discharge) ብቐሊሉ ክጐድኦ ወይ ከጥፍኦ ይኽእል ኢዩ።




ነቲ ራም ተጠንቂቕካ ኣቕምጦ፣ ነታ ኻልአይቲ ከምኣ ድገማ።




እቲ ምልክት ነቲ ራም ንምትካእ/ንምምሕያሽ ዝሕግዝ ሓበሬታ ሒዙ ኣሎ። እቲ ራም **ሞዴል ስም** (ኣብቲ ሰሌዳ ዝተጻሕፈ) ኣለዎ፤ እቲ ራም ንምትካእ/ንምምሕያሽ (ራም ብኽመይ ከም ዝሸየጥ) ምስቲ**ልሙድ ስሙ** ከተሰማምዖ ኣሎካ።

ተራ ዓይነት ራም:-

| **ልሙድ ስም** | | | |
|---|---|---|---|
| DDR3-800D | PC3-6400 | DDR3-1600G* | PC3-12800 |
| DDR3-800E | | DDR3-1600H | |
| DDR3-1066E | PC3-8500 | DDR3-1600J | |
| DDR3-1066F | | DDR3-1600K | |
| DDR3-1066G | | DDR3-1866J* | PC3-14900 |
| DDR3-1333F* | PC3-10600 | DDR3-1866K | |
| DDR3-1333G | | DDR3-1866L | |
| DDR3-1333H | | DDR3-1866M* | |
| DDR3-1333J* | | DDR3-2133K* | PC3-17000 |
| | | DDR3-2133L | |
| | | DDR3-2133M | |
| | | DDR3-2133N* | |


# ናይ ቅድሚት ገጽ

ነቲ ናይ ቅድሚት ሰሌዳ ብናይ ኤለክትሪክ መጠወቕ (ስዊች) ኣቢልካ ኣልግሶ።

ነቲ ሰለስተ ላዕለዋይ ሰሌዳታት ኣልዕሎ፡-




ኣልግሶ እውን።




# ናይ ቅድሚት መንበድበዲ/ፋን


ፈለማ ነቲ ጸሊም ናይ ፐላስቲክ መምርሒ ኣየር ኣውግዶ።




ኣብቲ መንበድበዲ/ፋን ዘሎ ኣርባዕተ ሰሌዳ ምስቲ ሻሲ ኣራኽቦ። እተን ክልተ ላዕለዎት ሰሌዳታት ጽሙቕ ኣብለን፦



ድሕሪኡ ነቲ ኽልተ መጠወቕ ሰሌዳ ድፍኣዮ። ጸገም እንተ ኣልዩካ፣ መራሕ ካቻቪተ ተጠቐም።




ነቲ ናይ መንበድበዲ/ፋን ገመድ ካብቲ ልዕሊ እቲ ማዘርቦርድ ንቐሎ። ኣድላዪ እንተ ኾይኑ ኣጽርዮ።




## ማዘርቦርድ/ሂትሲንክ


ነቲ ዝተረፈ ምስ ናይ ቅድሚት ሰሌዳ ዘራኽብ ገመድ ንቕሎ። እዚኦም ምስቲ ኣብ ማዘርቦርድ (ታሕቲ ጸጋማይ ጫፍ) ዘሎ ቀንዲ መራኸቢታት ይራኸቡ። ቀዳማይ ናይ ኤለክትሪክ መራኸቢ፡-




ድሕሪኡ ኣብ ቅድሚት ናይ ዩኤስቢ (USB) መራኸቢ፡-




ናይ ቅድሚት ናይ ድምፂ መራኸቢ፡-



ናይ ስፒከር መራኸቢ፡-



ከምኡውን ናይ ጣልቃ (ኢንትሩዥን) ስዊች።



ነቲ ማዘርቦርድ ዝሓዘ ሸሞንተ ብሎናት ፍትሓዮ። ንግዚኡ እተን ኣርባዕተ ብሎናት ኣብ ዙርያ እቲ ሲፒዩ ግደፎ።




**ነቲ ማዘርቦርድ ዝሓዘ ሸሞንተ ብሎናት ፍትሓዮ። ንግዚኡ እተን ኣርባዕተ ብሎናት ኣብ ዙርያ እቲ ሲፒዩ ግደፎ።** እዚ ናይ ኮምፒዩተር ግራሶ (ተርማል ፔስት) ኣብ መንጎ እቲ ናይ ኮምፒዩተር ክፍሊታት ዘሎ ናይ ሙቐት ምምሕልላፍ የመሓይሾ።


እቲ ሂትሲንክ ብኣርባዕተ ብሎናት ብጸቐጢ እዩ ተታሒዙ ዘሎ። ፍትሓዮም፡-




ነቲ ሂትሲንክ ትኽ ኣቢልካ ኣልዕሎ፡-




**እቲ ግራሶ ዝመስል ነገር ናብ ኩሉ ምእንቲ ከይዛመት ተጠንቂቕካ ድፈ ኣቢልካ ኣቐምጦ።**




**ማዝርቦርድታት ብእተወሰነ ኹርናዕ ጥራይ እዩ ዝውገድ። ተጠንቂቕካ ቀጽል።**

**ነቲ ማዘርቦርድ ኻብ ቅድሚት ኣልዕሎ ድሕሪኡ ነቲ ናይ ድሕሪት ሶኬታት ናጻ ንምግባር ቀስ ኢልካ ንቕድሚት ሸታሕታሕ ኣብሎ።**



ካብቲ ሰፈር/ሳንዱቕ ናጻ ንምውጻእ ኣልዒልካ ጥወዮ። ኣብ ንጹር ቦታ በጥ ኣቢልካ ኣቕምጦ።



ነዚ ዝስዕብ ምልክት ርኸብ፦

- ናይ ፒሲዩ (PSU) መራኸቢታት

- ናይ ቅድሚት ሰሌዳ መራኽቢታት
- ዩኤስቢ (USB) ከምኡውን ሳታ (SATA) መራኸቢታት


# ሲፒዩ

**ሲፒዩ ከምኡውን ሲፒዩ ሶኬት ኣዝዩ ልስሉስ እዩ። ኣዚኻ ተጠንቀቕ።**


ኣብ ሶኬት ምስ እቲ ማዘርቦርድ ተጣቢቑ ኣሎ። ጽቕጥ ኣቢልካ ነቲ መጐልበቢ ናብ ጐድኑ ድፍኣዮ። ኪወጽእ እዩ።





ነቲ ኣፍ ደገ ኣልዕሎ፡-



ነቲ ሲፒዩ ብኽልተ ኣጻብዕካ ተጠንቂቕካ ኣውጽኣዮ፣ እዚ ኽኣ ኣብቲ ሶኬት ዘሎ ንእሽቶ ቑርጽራጽ ዘለዎ ጫፍ እዩ።




ኣብ ታሕተዋይ ክፋል እቲ ሲፒዩ ረአ - ነቲ ወርቂ ዝሕብሩ ኽፋላት ኣይትተንክዮ።




ኣብ እግሪ እቲ ሲፒዩ ብኣማእታት ዚቑጸር ነፍሲ ወከፉ ሽካታት ምስቲ ናይ ወርቂ ክቢ የራኽብ።

ነቲ ሲፒዩ ገልቢጥካ ኣብቲ ሂትሲንክ ኣቐምጦ።




# እንደገና ግጠሞ

ነቲ ቅደም ሰዓብ ብግልባጠ ንሳዓብ - ኣድላዪ እንተ ኾይኑ ነቲ ዝሰኣልካዩ ስእሊ ሰዓብ።

## ነቲ ሲፒዩ/ሂትሲንክ ኣጽርዮ

ሓንሳእ ንኣየር ምስ ተቓልዐ፣ እቲ ናይ ሂትሲንክ ግራሶ ይነቅጽ። ነቲ ኣረጊት ናይ ሂትሲንክ ግራሶ ኣወግዶ እሞ ሓድሽ ነገር ተጠቐም።

ነቲ ሲፒዩ ኻብቲ ሂትሲንክ ኣልዒልካ ገልብጦ። ነቲ ጽሑፍ ብንጹር ክሳዕ እተንብቦ ብጨርቂኻ ወልውሎ/ኣጽርዮ።



ነዚ ዝስዕብ ክተንብቦ ትኽእልዶ?

- ፍጥነት ሲፒዩ
- ቊጽሪ ሞዴል
- ኣበይ እዩ ተሰሪሑ?

ነቲ ሲፒዩ ቀስ ኢልካ ኣብ እቲ ሶኬት (መሰኩዒ) ኩሎም እቶም ግጣማት ብሪጋ ጌርካ ኣቐምጦ - እዚ ኸኣ ብሓደ መገዲ ጥራይ እዩ ዝገጥም!



ነቲ ሂትሲንክ ብጨርቂ'ኻ ኣጽርዮ - በቲ ጫፍ ወልውሎ።




**እቲ ናይ ኮምፕዩተር ግራሶ (ተርማል ፔስት) ግበር /ነቲ ሲፒዩ እንደገና ኣቕምጦ**

**ነቲ ሲፒዩ ኻብቲ ሶኬት (መሰኩዒ) ኣውጽኣዮ። ግዝፊ ክንድ ፍረ ሩዝ ዝኸውን ናይ ኮምፕዩተር ግራሶ (ተርማል ፔስት) ጠብታ ኣብ ልዕሊኡ ግበረሉ።**



**እቲ ሲፒዩ መብዛሕትኡ ኽሳዕ ዝሽፈን (ኣገዳሲ ኣይኮነን) ነቲ ግራሶ ናብቲ ሂትሲንክ ገልቢጥካ አስተኻኽሎ**



እቲ ሲፒዩ ናብ ሶኬት (መሰኰዒ) መሊስካ ኣእትዩ እሞ እቲ ማዕጾ ዕጸዎ።



## ማዘርቦርድ

ነታ ማዘርቦርድ ቀስ ኣቢልካ ኣእትዋ። ኣዝብል ኣቢልካ እቲ ሶኬት (መሰኰዒ) ልክዕ ምስተሰርዐ፣ ቀስ ኢልካ ናብ ቦታኡ ኣእትዋ።



ነቲ ሽዱሽተ ብሎን ተኪእካ ኣጽኒዕካ ሓዞ (ናይ ሂትሲንክ ናይ ብሎን ነኺላት ኣይትጠቐም)።




# ሂትሲንክ


ኣልዕሎ እሞ ቀስ እናበልካ ናብቲ ማዘርቦርድ ኣእትዎ። ብሎናት (መላግቦታት) ተክኣሉ እሞ ኣጽኒዕካ ግጠሞ።





## ናይ ቅድሚት ሰሌዳ መራኸቢታት


ምስቲ ሕብርታት ብምስምማዕ ነቲ ናይ ቅድሚት ሰሌዳ መራኸቢታት በብሓደ ተክኣዮ።


FRONT AUD


FRONT AUD



FRONT AUD


FRONT AUD



## መንበድበዲ/ፋን

ነቲ ናይ ማዘርቦርድ መራኸቢ ዘለዎ ገመድ እንደገና ኣራኽቡ፦




ነቲ መንበድበድ/ፋን ናብ ቦታኡ ጠውቕ:-



መምርሒ ኣየር ተክእ:-




# ናይ ቅድሚት ሰሌዳ



# ራም ግጠም

በብሓደ ነቲ ክፋል ተክእዮ።

እቲ ቐርጽራጽ ምስቲ ኣብ ሶኬት ዘሎ ክፋላት ዝሰማማዕ እዩ።





ኣጽኒዕካ ድፋእ። ኣብቲ ሶኬት ዘሎ መጠወቕ ነቲ ክፋል ይሕዞ። ምስቲ ኻልኣይ ክፋል ራም ድገሞ።




# ፒኤስዩ (PSU)


ነቲ ፒኤስዩ (PSU) ተጠንቂቕካ ተክኣዮ።


ናይ ፒኤስዩ መላግቦታት ምስቲ ኣብቲ ሰፈር/ሳንዱቕ ዘሎ ነጥቢ ይሰማማዕ እዩ። ናይቲ ነጥቢ ኹርናዕ ስዒብካ ናብ ታሕተዋይን ንቕድሚትን ነቲ ፒኤስዩ ድፍኣዮ።



ነቲ ናይ ፒኤስዩ ገመድ ምስ እቲ ማዘርቦርድ እንደገና ኣራኽቦ (ብሓደ መገዲ ጥራይ እዩ ዝገጥም)።







## ሃርድ ድራይቭ

ነቲ ኤለክትሪክ/ሳታ (SATA) ገመድ ምስ ሃርድ ድራይቭ ኣራኽቦ። ኣብቲ ድራይቭ ዘሎ ኤል ዝመስል መራኸቢ ተጠቐመሉ።



ነቲ ፒኤስዩ ሓፍ ኣብሎ፣ ነቲ ሃርድ ድራይቭ ናብ ክፋሉ ድፍእ ኣብል እሞ ድሕሪኡ ንምግጣም ነቲ መሸጐር ንቕድሚት ደፍኣዮ።




ነቲ ናይ ሳታ ገመድ ናብ ማዘርቦርድ ግጠሞ/ኣእትዎ።




# ዲቪዲ ድራይቭ


ዲቪዲ ድራይቭ ናብ እቲ ክፋል ድፍእ ኣብሎ።




ክሳዕ እትጥውቕ ንቕድሚት ድፋእ።




ናይ ኤለክትሪክን ሳታን ገመድ ምስ ዲቪዲ ድራይቭ አራኽቦ።



እቲ ገመድ በቲ ናይ ገመድ መትሓዚ አቢሉ ከምዝሓለፈ አረጋግጽ።




ነቲ ናይ ሳታ ገመድ ናብ ማዘርቦርድ ግጠሞ/ኣእትዋ።



ነቲ ሊቨር ድራይቭ ናብ ቦትኡ ምለሶ።

## ነቲ ሰፈር/ሳንዱቕ ዕጸዎ

እቲ ገመዳት በቲ መትሓዚ (ክሊፓት) ኣቢሉ ብጽፈት ኸም ዝሓልፍ ኣረጋግጽ።





እቲ ናስይ ዲቪዲ ድራይቭ ቦታ ኸምኡውን ፒኤስዩ ትኽክል ምግጣሙ አረጋግጽ።




ነቲ ሰፈር/ሳንዱቕ ዕጸዎ። ምሉእ ብምሉእ!



# እንቋዕ ኣሐጐሰካ!

**እናደገምካ ተለማመድ።**

---

Workshop 02 - Operating System Install